# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.110 | ሰሉስ 7 ጥሪ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ወቕዒ ሓደገኛ ዝገበሮ ...


ገጽ 3 ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕቲታት ኤርትራ

ገጽ 4 ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት





ገጽ 5 ተስፋዬ ገብርኣብ፡ ካብቶም ሳሕቲ ኣብ ዓለም ዝቕልቀሉ ሰብ ውህበት




ገጽ 7 ሃገራዊ ውድድር ጉያ መሮር ተኻይዱ




# ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ብምኽንያት በዓል ልደት ቃለ-ቡራኬ ሂቦም



ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ - ዓቃቤ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስቲያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ልደት 2025 ቃለብራኬ ሂቦም።

"እንቋዕ ንበዓል ልደት፡ ብሰላም ኣብጽሓኩምን ኣብጽሓናን" ዝበሉ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ መንፈሳዊ ትርጉሙ ናይ'ዚ በዓል ድሕሪ ምብራሆም፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዘርከብ ህዝብና፡ ከምኡ'ውን ንመንግስቲ ኤርትራን ንጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻልን ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ - ዓቃቤ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስቲያን ኤርትራ ኣብ መወዳእታ፡ ምእመናን - ንስኡናት ብምኽፋል፡ ንዝዋረቑ ብምኽዳን፡ ንሕሙማን ብምብጻሕን ንሕዙናት ብምጽንናዕን በዓሎም ብሓገስን ምስጋናን ክበዕሉ ተላብዮም።

# ንቤት-ትምህርቲ ጽሙማን ከረን፡ ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ደገፍ ተገይሩ

ኣብ ኣመሪካ ዝርከብ ኣባላት 'ኤርትራያን ደቨሎፕመንት ፋውንዴሽን'፡ ንኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ጽሙማን ከረን ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ሓገዝ ወፍዮም።

ብ3 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ካብ ኣባላት ማሕበር ዶ/ር ፍጥረ ህብቴስ፡ ጽሙማን ወገናት ከም ከሉ ዜጋ ተማሂሮም ኣፍረይቲ ንክኾኑ ብመንግስትን ሕብረተሰብን ንዝግበር ዘሎ ዓቢ ደገፍ ብምጥቃስ፡ ዚ ምድጋፍ ዜግነታዊ ግዴታ ስለዝኾነ ነቲ ስጉምቲ ከምዘወስዱ ገሊጾ።


ዶ/ር ኣይዳ ኣብርሃ ብወገኖ፡ እቲ ሓገዝ - ጽሙማን ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ክሕይሉ ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዚ ተገዚሁም ኣብርቲያም ክሰርሑ ተማሕጺኑ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ጽሙማን ከረን መምህር ተስፋብርሃን መሃሸ ድማ፡ ብሸነኺ፡ ሓደጋ ኤሌክትሪክ ኣብ ንብረት ዝወረደ ክሳራ ኣብ ምስራሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ምጃንሑ ብምጥቃስ፡ በቶም ግዱሳት ኤርትራውያን ንዝተወስደ ተበግሶ መጉሱ።

ብ13 ጥቅምቲ 2024 ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጽሙማን ከረን ብዘጋጠመ ልዑል ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዝመጠነሰኡ ሓደጋ ባርዕ፡ ኣስታት ክልተ ሚሊዮን ናቕፋ ዝግመት ክሳራ ከምዝወረደ፡ ሰነዳት ቤት-ትምህርቲ የረድኡ።

# ሌተናል ኮሎኔል ሃይለ ኪዳነ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተናል ኮሎኔል ሃይለ ኪዳነ ነጋሽ፡ ብ26 ታሕሳስ 2024 ኣብ መበል 76 ዓመት ዕድመኡ፡ ኣብ ሃገረ ህንዲ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሃይለ ኪዳነ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ካብ ሓኪም በጦሎኒ ክሳብ ሰታፍ ሕክምና ግንባር፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ሜዲካል ዳይረክተር ወተሃደራዊ ሆስፒታላት ዓሰብን ባረንቱን ብምዃኑ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ሌተናል ኮሎኔል ሃይለ ኪዳነ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ውሉዳትን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ሎሚ 5 ጥሪ 2025 ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል - እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብመሰዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተናል ኮሎኔል ሃይለ ኪዳነ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

# ቃለ ቡራኬ

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላኽ።

ቃለ ቡራኬ በዓለ ልደት ጐይታናን መድሃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ

እስመ ናሁ እዜንወክሙ ዓቢየ ዜና ፍሥሐ ዘይከውን ለክሙ ወለኩሉ ዓለም።

/እንሆ ንኹሉ ዓለም ዝኸውን ዓቢይ ሓጎስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ። (ሉቃ፪/2፡10)

ክቡራንን ክቡራትን ሕዝበ ክርስቲያን፡ ብሓፈሻ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር እትርከቡ ኩልኹም ኤርትራውያን፡ እንቋዕ ናብ ክልተ ሽሕን ዕሥረተው ሸውዓተን በዓለ ልደት ጐይታናንን መድሃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብሰላም ኣብጽሓኩምን ኣብጽሓናን እናበልና መንፈሳዊ ሰላምታና ነቕርበልኩም።

"እንሆ ንኣኻትኩምን ንኹሉ ዓለምን ደስ ዘብል ዓቢይ ሓጎስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ።" ዝብል ቃል ናይ መልኣኽ እግዚኣብሔር ኮይኑ ንሸዑ ኑቶም ተጊህም መጓሰኦም ዝሕልዉ ዝበሩ ጓሶት ክኸውን ከሎ ፍጻሚኡ ግና ንምሉእ ሕዝበ ዓለም ዝተዋገረ ብሥራት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ሓሙሽተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመት ጸልማት ተሳዒሩ ብርሃን ዓለም ክርስቶስ ዝተወልደሉ ዕለተ ብሥራት ስለዝኾነ ሎሚ መዓልቲ ሓጎስ እዩ።

በዚ ዕለት እዚ ድማ እቶም ኣቐዲሞም ኑብረት ዘይነበሮም ሰብን መላእኽትን ኃብሮም ንንጉሥ ክርስቶስ ኣብ ቤተ ልሔም ከም ዘመስገኑ፡ ንሕና'ውን ሎሚ ኣብዛ ዕለት እዚኣን ምሉእ ሕይወትናን ኣብ ልደተ ክርስቶስ እትሰብኽ ቤተ ክርስቲያንና ተረኺብና ብዓቢይ ፍሥሓ ኣብ ስብሐተ ማኅሌትን ጸሎተ ቅዳሴን ተሳቲፍና በረኸት ልደቱ ክንሕከውን ይግብኣና። (መዝሙር ዳዊት 121፡1)

ብተወሳኺ ከምቲ ሰብኣ ጥበብ ካብ ርሑቕ ሃገር ምስ ህያብቶም መጺኦም በረኸት ልደቱ ዝተሳተፉ፡ ንሕና'ውን ካብዚ ዕለት እዚ መንፈሳዊ በረኸት ክንረክብ ምእንቲ ካብቲ ዘሎና ንስኡናት ከየፍልን ንዋረቑ ክንክድንን ከምኡ'ውን ንሕሙማን ክንበጽሕን ግዙናን ክነናዝዘን ይግብኣና።

ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን!

ከምዝፍለጥ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና መንፈሳዊ ኣቦ፣ ሓላዊ ሃይማኖት መበል ሻድሻይ ቅዱስ ፓትርያርክ ብሓደኑትን ሥምረትን መሪጻስ ብጸሎትን ኣዋጅን ንምቕባኦም ትዳለወሉ ዘላ ግዜ ብምዃኑ እዚ በዓለ ልደትና ፍሉይ ይገብሮ። ስለዚ ድማ ናይ ቤተ ክርስቲያንና ዓቢይ ብሥራትን ሓጎስን ስለዝኾነ ከምቲ ኣብ ዕለተ ልደተ ክርስቶስ "ስብሐት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ለእጓለ እመ ሕያው ሥምረቱ፡ ክብሪ (ምስጋና) ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት፡ ኣብ ምድሪ ውን ሰላም ይኹን ኣብ መንጎ እቶም ሥምረት ኣምላኽ ዘለዎም"።(ሉቃ፪፡፲፫-፳/2፡13-20) ዝብል ምስጋና ከም ዝተሰምዐ፡ ኣብዚ ንዘብጽሓና እግዚኣብሔር ብዓቢይ ሓጎስ ከመስግን ቤተ ክርስቲያንና ሓደራ ትብል።

እዚ ንምግባር ምሕረት እግዚኣብሔር ኣማላድነት ቅድስት ድንግል ማርያምን ተራዳእነት ቅዱሳንን ኣይፈለየና። በዓልና በዓል ሓጎስ ገይሩ ንሃገርናን ንምሉእ ዓለምን ብሥራተ ሰላም ይሃበና።

**ብፁዕ ኣቡነ ጴጥሮስ (ሊቀ ጳጳስ)**
**ዓቃቤ መንበር**
**ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ**
**ታሣሥ ፳፻፲ወ፯ (ጥሪ 2025)**

# ዓዲ-ኳላን ማይ-ምነን፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻይዱ

ኣብ ንኡስ ዞባታት ዓዲ-ኳላን ማይ-ምንን ናይ ስልጣን ግዜኦም ዝዐበቐ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ንምትካእ፡ ካብ 18 ክሳብ 31 ታሕሳስ ምርጫ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ልዑል ሱታፌ ህዝቢ ዝተረጋገጸሉ ምርጫ፡ ኣብ 21 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ 11 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 42 ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስርሕን፡ ከምኡ'ውን 106 ኣካባቢ ዓድታትን ኣኩባቲ ግብሪ ጥሪትን መሪሕትን ተመሪጾም።

ግዜያዊ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነቲ ዝርኣይዎ ንቑሕ ተሳትፎ ብምምጓስ፡ እቶም ዝተመርጹ - እምነት ዝሓደሩሎም ህዝቢ ብግዱስነት ከገልግሉ ተላቢዩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ - ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ምርጫ ድማ፡ ንሰለስተ ዓመት ዘገልግሉ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ከምእተመርጹ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

እቲ መደብ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ብጽፉፍ ከምእተሳለጠ ዝገለጸ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ሌተናል ኮሎኔል ኣብርሃም ሃይሉ፡ ህዝቢ ንዝመረጾም ኣመሓደርቲ ኣብ ጎኖም ኮይኑ ክተሓጋገዞም ጸዊዑ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ወቐዒ ሓደገኛ ዝገብሮ ሰለስተ ረቛሒታት

ወቐዒ - ኣብ ዓለም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ቀታሊ ሕማም እዩ፡፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ሕማም ዝበሎ፡ ዝኾነ ምልክት ከየርኣየ ሃንደበት ከሰንክለካ ወይ ክቐትለካ ስለ ዝኽእል እዩ፡፡

ኣብ ሓንጎልና ዝርከብ ሰራውር ደም ምስ ዝብቶኽ ወይ ምስ ዝደሚ ከምኡ'ውን ናብ ሓንጎል ደም ዘመሓላልፍ ሻምብቆ ምስ ዝዕበስ ወቐዒ የጋጥመና፡፡ ምብታኽን ምዕባስን ሻምብቆ ደም፡ ኦክስጅን ዝሓዘለ ደም ናብ ቲሹታት ናይ ሓንጎል ከይበጽሕ ዕንቅፋት ይኾውን፡፡ ብዘይ ኦክስጅን ዋህዮታትን ቲሹታትን ሓንጎል ሸዑ ንሸዑ ይጉድኡን ይሞቱን፡፡

ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዘመልከቶ፡ ወቐዒ ብደረጃ ዓለም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ቀታሊ ሕማም እዩ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት 15 ሚልዮን ሰባት በቲ ሕማም ከም ዝጥቅዑ እቲ ጸብጻብ የመልክት፡፡ ካብዚኦም እቶም 5 ሚልዮን ሰባት ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ ካልኦት 5 ሚልዮን ድማ ንብረ ኣካላዊ መጉዳእቲ ይቃልዑ፡፡ እቶም ዝተረፉ ግዳያት ድማ ክድሕኑ ዝኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ፡ ወቐዒ ክፍወስ'ውን ይከኣል እዩ፡፡

### ወቐዒ ሓደገኛ ዝዞብሮ እንታይ እዩ?

ወቐዒ ኣቐዲምና ክንከላኸሎም ብእንኽእልን ዘይንኽእልን ጠንቅታት ኪጋጥም ይኽእል፡፡ እዞም ጠንቅታት'ዚኦም፡ ሰር ደም ክዕጾ ብምግባር ኣብ ውሽጢ ሓንጎል ደም ክፈስስን ወቐዒ ኪጋጥምን ክዝብሩ ይኽእሉ፡፡

ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ምእካብ ስብሒ ኣብ ሻምብቆታት ደም፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ልዕሊ ዓቐን ግዝፊ፡ ኣብ ህርመት ልቢ ዘጋጥም ጸገም ወዘተ እቶም ክንከላኸሎም እንኽእል ጠንቅታት ወቐዒ እዮም፡፡

ኣብ ውሽጢ ስድራ ወቐዒ ዘለዎ ሰብ ምህላውን ምውሳኽ ዕድመን (ልዕሊ 40 ዓመት ምዃን) ንወቐዒ ከቃልዑና ዝኽእሉ ጠንቅታት፡ ግን ክኣ ንምክልኻሎም ዘጸግሙ ከም ዝኾኑ ይንገር፡፡

ደቂ ተባዕትዮ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ንወቐዒ ይቃልዑ፡፡

ጸቕጢ ደም፡ ኣብ ውሽጢ ሓንጎል ደም ንኽፈስስን ወቐዒ ንኺጋጥምን ቀንዲ ምኽንያት ከም ዝኾነ ሓኪይም የዘኻኽሩ፡፡ ኣብ ውሽጢ ርእሲ ዝፍጠር ጸቕ፣ ካብ ንቡር ደረጃኡ ዝወረደ ምቕጣን ደም፡ ደም ንምቕጣን ተባሂሉ ዝወሰድ መድሃኒት፡ ኣብ ርእሲ ዘጋጥም መጉዳእቲ፡ ከም 'ኮኬይን' ዝኣመሰሉ ኣወለፍቲ ቀመማት ወይ ከቢድ ሰንኮልና ክስዕብ ይኽእል፡፡

* ብሰንኪ ነዊሕ ግዜ ዝጸንሐ ልዑል ህርመት ልቢ ዝርአ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ልቢ ዝፍጠር ወቐዒ፡ ካብ ካልእ ዓይነት ወቐዒ ዘለዎ ክብደት ብኣርባዕተ ዕጽፊ ዝዛየደ እዩ፡፡

* ብሰንኪ ምትካኽ ሽጋራ ዝስዕብ ወቐዒ ክፈጥሮ ዝኽእል ከቢድ ሰንኮልናን



ምውሳድ፡ ጠንቂ ምፍሳስ ደም ኣብ ሓንጎል ኮይናም ይግለጹ፡፡

ጥዕና ዘይብሉም ኣገባብ ኣመጋግባ ምዝውታር ሓደ ካብ ጠንቅታት ወቐዒ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ፡ ብዙሕ ስብሒን ቅብኣትን ምውሳድ፡ ጨውን ሽኮራዊ መግብታት ምዝውታር፡ ዕሹግ መግብታት ብስሩዕ ምምጋብ ገለ ካብቶም ጥዕና ዘይብሉም ኣገባብ ኣመጋግባ ይብሃሉ፡፡

ጸቕጢ ደም ንዋዒሕ እዋን ከይተቖጻጸርካዮ ምጽናሕ ንተኸእሎታት ወቐዒ ዘዛይድ ጠንቂ ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ፡፡

### ወቐዒ ሓደገኛ ዝዞብሮ ሰለስተ ረቛሒታት

ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ልዑል ህርመት ልብን ምትካኽ ሽጋራን እቶም ቀንዲ ወቐዒ ከስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤን ዝኣሰ ዝዞብሩ ረቛሒታት ምዃኖም ሓዲሽ መጽናዕቲ የመልክት፡፡ ብመሰረት እቲ መጽናዕቲ፡-

* ብሰንኪ ልዑል ጸቕጢ ደም ካብ ዝስዕብ ወቐዒ እቲ ሰለስተ ዕጽፊ ሞት ሞትን ካብ ብኻልእ ዓይነት ዝስዕብ ወቐዒ ብኽልተ ዕጽፊ ዝዛየደ እዩ፡፡

እቲ ብዩኒቨርሲቲ 'ጋላዌይ' - ኣየርላንድ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብዝምጋም ትሕቲ 62 ዓመት ዝዕድመኦም ኣስታት 27 ሽሕ ሰባት ዘሳተፈ ኮይኑ፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብዚኦም ወቐዒ ዘጋጠሞም እዮም፡፡ ካብዞም ወቐዒ ዘጋጠሞም ኣስታት 4850 ድማ፡ ብዘይ ሓገዝ ክምገቡ ወይ ብእግሮም ክንቀሳቐሱ ዘኽእሉ ከም ዘይኮኑ የጽርር፡፡ እዚ ክኸውን ዝኸኣለ፡ እቶም ከቢድ ወቐዒ ዘጋጠሞም ግዳያት ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ወይ ልዑል ህርመት ልቢ ወይ ልዑል ሽጋራ ናይ ምትካኽ ልምዲ ዝነበሮም ምንባሮም በቲ መጽናዕቲ ክረጋገጽ ተኻኢሉ፡፡

እቶም ልዑል ጸቕጢ ደም ዝነበሮም ግዳያት፡ ካብቶም ወቐዒ ዘማዕበሉ ግን ጸቕጢ ደም ዘይነበሮም ግዳያት፡ ንኸቢድ ሰንኮልናን ሞትን ናይ ምቅላዕ ዕድሎም ብሰለስተ ዕጽፊ ዝዛየደ ከም ዝኾነ እቲ መጽናዕቲ ብዝተወሳኺ ኣነጺሩ፡፡

### ወቐዒ እንታይ እዩ?

ካብ ክብደት ሰብነትና 2 ሚእታዊት ጥራሕ ዝሸፍን ሓንጎልና፡ ካብ ኣብ ሰብነትና ዘሎ ጠቕላላ ቀረብ ደም፡ ካብ 15 ክሳብ 20 ሚእታዊት ይጥቀመሉ፡፡ ሓንጎልና በዚ ዑደት ደም ኣቢሉ ኦክስጅንን ካልኦት ኣገደስቲ ንጥረ-ነገራትን ይረክብ፡፡ እዚ ናብ ሓንጎልና ዝበጽሕ ደም ንቑሕ ሰም'ውን ትኹን ክቋረጽ የብሉን፡፡ ዑደት ደም እንተቋሪጹ ንጥፈታት ሓንጎል'ውን ኣብኡ ደው ይብል፡፡

ስለዚ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ሃንደበት ደም ናብ ሓንጎል ምኻድ ደው ኣብ ዝበለሉ እዋን ወቐዒ የጋጥም፡፡

### ዓይነታት ወቐዒ

* 'ሚኒ ስትሮክ' - ንሓጺር እዋን ዝጸንሕን ክሓውይ ዝኽእልን ዓይነት ወቐዒ እዩ፡፡

* ደም ብምዝራቕ ዘጋጥም ወቐዒ - ኣብ ውሽጢ ሓንጎል ሃንደበት ዘጋጥም ምፍሳስ ደም ዘኸትሎ ዓይነት ወቐዒ ኮይኑ፡ ብደረጃ ዓለም ካብ ዘጋጥሙ ጥርዓናት ወቐዒ ኑቲ 15 ሚእታዊት ይሸፍን፡፡

* ምዕጻው ሰራውር ደም ዘኸትሎ ወቐዒ - ናብ ሓንጎልና ደም ካብ ዘመሓላልፉ ሻምብቆታት፡ ዋላ ሓደ ካብኦም ምስዝዕጾ ኪጋጥም ዝኽእል ዓይነት ወቐዒ እዩ፡፡ 85 ሚእታዊት ግዳያት ወቐዒ መንቀሊ እዚ ዓይነት ምዃኑ መጽናዕትታት የመልክቱ፡፡

ሓንጎልና ካብ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና ዝፍለየሉ ምኽንያት…?

ኩሎም ኣካላት (organs) ሰብነትና ኣቐዲሞም ከዚምዎ ዝጸንሑ ተፈጥሮኣዊ ጸዓት (ግሉኮዝ) ኣለዎም፡፡ ናብኦም ኣብ ዝውሕዝ ደም ዝኾነ ምስናኻሉት ምስ ዘጋጥም፡ እቶም ኣካላት ኑቲ ክዙን ግሉኮዝ ተጠቒሞም ንዝተወሰነ ግዜ ንቡር ንጥፈታቶም ከኪዱ ይኽእሉ፡፡

ሓንጎል ግን ከምዚ ዓይነት ባህሪ የብሉን፡፡ ንሕሞቕ ግዜ ዝኾና ዝተኸዘነ ጸዓት ስለ ዘይብሉ፡ ብህይወት ክህሉ ዘቋርጽ ዋሕዚ ደም የድልዮ፡፡ እቲ ዑደት ደም ንቑሕሰም እውን ይኹን ምስ ዘቋርጽ ኣብ ሰብነትና ብፍላይ ኣብ መትንታትና ጥዕናዊ ጉድኣት ይስዕብ፡ እቲ ዝቋረጽ ደም ብቕልጡፍ ናብ ንቡር እንተተመለሰ፡ እቲ ዘጋጥም ጉድኣት ቀልጢፉ ክሓዊ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ 'ሚኒ ስትሮክ' ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ፡፡

እቲ ዑደት ደም ንደቓይቕ ዝኣክል እንተቋሪጹ ግና ዘውርዶ ጉድኣት እናበኣሰ ይኸይድ፡፡

### ምልክታት ወቐዒ

ወቐዒ ኣቐዲሙ ዝኾነ ዓይነት ምልክት ከየርኣየ ኪጋጥም ዝኽእል ሕማም እዩ፡፡ ደረጃ እቲ ሕማም ብመጠን እቲ ኣብ ክፍሊ ሓንጎል ዝበጽሖ ጉድኣት እዩ ዝልካዕ፡፡

ናብ ሓንጎል ዝበጽሕ ደም ብምብቋዑ/ብምጉዳሉ፡ ኣብ ቲሹታት ሓንጎል ከቢድ ዕንወት እዩ ዝስዕብ፡፡ እቲ ምልክታት ናይቲ ወቐዒ ድማ፡ እቲ ዝተጎድአ ክፍሊ ሓንጎል ኣብ ዝቆጻጸሮ ኣካል ሰብነትና ይርአ፡፡ እቲ ጉድኣት፡ ሚዛን ሰብነትና ንዝቆጻጸር ክፍሊ ሓንጎልና እንተኣጋጢሙ፡ ሚዛን ሰብነትና ክንሕሉ ኣጸጋሚ ይገብር፡፡

ወቐዒ ዘጋጠሞ ሰብ ተቐላጢፉ ሕክምናዊ ረድኤት ምስ ዝረክብ እቲ ዝስዕብ ጉድኣት ብኡ መጠን ዝፈኸሰ ይኸውን፡፡ ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ እንተኾይንና ምልክታት ናይቲ ሕማም ብግቡእ ክንፈልጦ ይግባእ፡፡ ምልክታት ወቐዒ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-

* መልመስቲ፡

* ምድንዛዝን ምድኻምን ገጽ፡ ኢድታውን ኣእጋርን፡ እዚ ዓይነት ምልክታት'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ሓደ ወገን ክፍሊ ሰብነትና ጥራይ እዩ ዝርአ፡፡

* ብግቡእ ክትዛረብ ዘይምኽኣል፡ ኣብ ኣወጻጽኣ ቃላት ልኽት-ልኽት ምባል፡፡

* ነበራት ምትሕውዋስ፡ ምጉዳል ኣድህቦ፡

* ሃንደበት ምቅይያር ጠባይ፡ ንኣብነት ብቐለሉ ምርባሽ፡

* ብግቡእ ክትርኢ ዘይምኽኣል፡

* ናይ ምንቅስቓስ ጸገም፡

* ምስኣን ሚዛን ሰብነት፡

* ምድንዛዝ ኣካላትን ቀጻሊ ሕማም ርእስን፡

* ነበራት ብሓደሊ ምሓዝ፡

* ዕጥርጥርን ተምላስን ወዘተ፡፡

ወቐዒ ክሓውይ ይኽእል'ዶ?

ነዚ ዝወሃብ መልሲ 'ከም መጠን ጠንቁን ኣብ ሓንጎልና ዘውርዶ ጉድኣትን' ዝብል እዩ፡ እቲ ምስ ምፍሳስ ደም ኣብ ሓንጎል ዘተሓሓዝ ዓይነት ወቐዒ ቀልጢፉ ክሳብ ሞት ከም ዘብጽሕ ሓኪይም ይገልጹ፡፡

ብወቐዒ ዝወርድ ጉድኣት ንእሽቶ ኮይኑ፡ እቲ ግዳይ ቀልጢፉ ናብ ሕክምና እንተበጺሑ፡ ቀስ ብቐስ ኩነታቱ ክመሓየሽ ይኽእል እዩ፡፡

ግዳያት ወቐዒ፡ እቲ ኩነታት ምስ ኣጋጠሞም ኣብ ውሽጢ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ሰዓት ዘሎ ግዜ ናብ ሕክምና ክመጹኡ ከም ዘለዎም እዩ ዝምከር፡፡

በዚ ኾይኑ በቲ፡ ወቐዒ ኣዝዩ ቅልጡፍ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮ ጥዕናዊ ጸገም እዩ፡ ግዳይ ወቐዒ ቅልጡፍ ሓገዝ ምስ ዝረክብ፡-

* ካብ ምዕናው ሓንጎል፡

* ካብ ንዉሕ እዋን ዝቕጽል ከቢድ ሰንኮልና ከምኡ'ውን፡

* ካብ ሞት ክድሕን ይኽእል፡፡

ዝኾነ ምልክታት ናይ ወቐዒ ምስ እንዕዘብ ኑቲ ግዳይ ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክንወስዶ ይግባእ፡፡

እቲ ግዳይ ቅልጡፍ ረድኤት የድልዮን ኣየድልዮን ንምምዛን ዘኽእለና መንገድታት ንምጥቃስ፡-

ኣብ ገጽ፡- ኑቲ ግዳይ ፍሽኽ ክብል ምሕታት፡፡ ሓደ ክፋል ናይ ገጹ እንተወዲቑ ምዕዛብ፡፡

ኣብ መሓውር፡- ኑቲ ግዳይ ክልተኡ ኣእዳዉ ክልዕሎ ምሕታት፡፡ ሓደ ካብ ኣእዳዉ ሓፍ ከብል ዘይክእል እንተኾይኑ ምስትብሃል፡፡

ኣብ ምዝራብ፡- ኑቲ ግዳይ ክዛረብ ምትኽታኽ፡፡ ዘረብኡ ዝልከትን ዝቆራረጽን ከይከውን ምድማጽ፡፡ እዚ ዝተጠቕሰ ምልክታት ዝርኢ እንተኾይኑ ቅልጡፍ ሕክምናዊ ረድኤት ከም ዘድልዮ ምስትብሃል፡፡

### ወቐዒ ብኸመይ ንከላኸሎ?

ኣብ ኩነታት ኣገባብራና ለውጢ ብምግባር ኩሉ ዓይነት ወቐዒ ክንከላኸሎ ይከኣል እዩ፡፡

* ምትካኽ ሽጋራ ምቁራጽ፡- ኣትካኺ ሽጋራ እንተኾንካ ክተቋርጾ ይምረጽ፡፡ ካብታ ዘቋረጽካላ ሰዓት ንደሓር ብወቐዒ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ እናንደለ ከምዝኸይድ ኣስተብህል፡፡

* ትወስዶ መጠን ኣልኮል ምጉዳል፡- ልዕሊ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድ ጸቕጢ ደም ከም ዝወስኽ ይገብር፡፡ ብኡ መጠን ብወቐዒ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ስለ ዝዛይድ፡ ትወስዶ መጠን ኣልኮል ክተጉድል ይምረጽ፡፡

* ክብደት ሰብነትካ ምስ ቁመትካ ዝተመጣጠነ ክኸውን ምጽዓር፡- ምኽንያቱ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናንን ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት፡ እንተላይ ወቐዒ ምዃኑ ኣይተዘንግዕ፡፡ ክብደት ሰብነትካ ንምምጥጣን፡ ኣብ ኣመጋግባኻ ምቁጽጻር ክትገብር፡ ምውሰዋስ ኣካላት ከተዘውትር ከም ዘለካ ኣስተብህል፡፡

* ናብ ሕክምና ብምኻድ ስሩዕ ጥዕናዊ መርመራታት ምክያድ፡- እዚ ኣገባብ'ዚ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናኻ ክትፈልጥ ይሕግዘካ እዩ፡ ብፍላይ ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ዝኾንካ ሰብ እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ናብ ሕክምና ብምኻድ ብዛዕባ ጥዕንኡ ሓፈሻዊ መርመራ ከካይድ ይግባእ፡፡ ካብ ሓኪይም ብዙሕ ምኽሪ ክትረክብ እውን ስለ እትኽእል ጥዕናኻ ንምሕላው ኣይክትሸገርን ኢኻ፡፡

---


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተጊብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት- “ኤርትራውነት ማለት”

## ፍቕሪ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት= ምቕባል + ምርዳእ + ኣድናቖት + ተወፋይነት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ሃገራዊ መንነት፡ ንሃገራውን ኣህጉራውን ስርዓት ብዓቢ መጠን ካብ ዝጸሉ ዓበይቲ ጉዳያት ሓደ’ዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ቃልሲ ንመንነት ኣካል ቃልሲ ንኽብረት ኮይኑ ክቡር መስዋእቲ ክኽፈሎ ጸኒሑ። ዕላማ ሓርነታዊ ቃልስና ከም ኣብነት ንጸላኢ ካብ መሬት ኤርትራ ምስጓግ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንዝተጸቕጠ መንነትን ክብረትን ንምምላስ’ዩ ተኻይዱ። ከምቲ ንኣገዳስነት ኣቦን ኣደን ንምግላጽ ቀዳሞት ወለድና “ኣደ ዘይብሉ ሃርጋፍ፡ ኣቦ ዘይብሉ ዘጋፍ” ዝብል ምስላ ኣቐሚጦም ሓሊፎም። መንነት ዘይብሉኽ እንታይ ምተባህለ!

ሃገራዊ መንነት ሓደ ህዝቢ እንታይነቱ ዝገልጸሉን ህልውናኡ ዘረጋግጸሉን መግለጺ’ዩ። መንነት ንቐጻልነትን ምንቅስቓስን ህዝብታት ወሳኒ ተራ ዝጻወት ናይ ሓባር ስምዒት’ዩ። ወዲ ሰብ፡ ብኻልኦት ኣፍልጦን ክብርን ክወሃቦ ባህርያዊ ድሌት ኣለዎ። ማዕረ ካልኦት ክትክበር ምድላይ፡ ብኣንጻሩ ኸኣ ልዕሊ ካልኦት ጾብለል ዝበለ ደረጃ ክብርን ተፈላጥነትን ክወሃበካ ምጥላብ፡ ንሃገራዊ መንነት ናይ ሓደ ህዝቢ ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ልዑል ግደ ዘለዎ ሰብኣዊ ባህርያት እዩ። ሃገራዊ መንነት ንዝተወሰነ ህዝቢ ዝብጽሖ ንበይኑ ዘስተማቕሮ ዓሚቝ ሰረት ዘለዎ ስምዒት’ዩ። ዕምቆት ሰረት ሃገራዊ መንነት፡ ዜጋታት (ዓበይትን መንእሰያትን ክልቲኡ ጾታ) ንሃገሮም ክሰውኡ ብዘርእይዎ ቅርቡነት ይግለጽ።

ህዝቢ ኤርትራ ንመንነቱን ክብረቱን ንምሕላው ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመጽአ ህዝቢ’ዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ቀዲሞም ዝሓለፉን ጌና ብህይወት ዘለዉን ደቂ ኤርትራ ብሕብረት ሳላ ዝተቓለሱሉን ዝተሰውኡሉን፡ ከም ኣብ ልዕሊ ቀጥቋጣት ጾብለል ኢሉ ዝወጽአ ምልምል ተኺሊ ጽላል ኩሎም ኤርትራውያን ኮይኑ ኣሎ። እቲ ንማሕበራዊ፡ ቍጠባውን ፖለቲካውን ምዕባለ ዝዕንቅጽን ሃገራዊ መንነት ንኽይምዕብል ዝሓንቕን ትሕተ-ሃገራዊ መንነት ኣደቡ ሒዙ’ዩ። ሃገራዊ መንነት ከም ተኺሊ ተመልሚሉ እንተ ወጺኡ፡ ትሕቲ ሃገራዊ መንነታት ሳዕሪ ኮይኑ’ዩ ዝተርፍ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ዝርከብ ሳዕሪ ንገረብ ክሓንቕ ዓቕሚ ይስእን ብምዃኑ፡ ንገስጋስ ተኺሊ ዝዕንቅፍ ጸህያይ ኣይከውንን። ብኣንጻሩ ሃገራዊ መንነት ብግቡእ እንተ ዘይተኸስኪሱ ብጸህያይ ተሓሊኹ ይተርፍ። ትሕቲ ሃገር ዝወረደ ትውክልቲ ኣገልጋሊ ረብሓታታትና ክኸውን ዝኽእል ኣይኮነን። ሃገራዊ መንነት ኣብ ዓለም ዘለካ ቦታ ዝነግር፡ ኣባል ሓደ ጉጅለ ምዃንካ ዝሕብር፡ ከም እኩብ ዘለካ ፍሉይነት ዘመልክት መለለዪ ብምዃኑ፡ ብተመሃሮን መንእሰያትን ክፍለጥ ንዝግበር ጻዕሪ ከነሐይሎ ኣለና። ኤርትራውነት ከም ንኤርትራውያን መን ምዃንና፡ ክብሪ እንህቦን ከም ነውሪ እንሓስቦን ነገር እንታይ ምዃኑ፡ ከም ህዝቢ ኣብ ዞባናን ዓለምን ዘለና ክብርን ቦታን፡ ኣብ ኣእምሮ ካልኦት ዘለና



ምስሊ፡ ብዛዕባ ከባቢናን ዓለምን ዘለና ኣመለኻኽታ፡ ወዘተ ናይ ምውሳን ዓቕሚ ኣለዎ።

መሬት ንሓደ መንነት ካብ ዘፍልጡ ቀንዲ ጠለባት’ዩ። ንመሬት ንምቍጽጻር ዝግበር ግጭት እታ ሃገር ንእትውንኖ ዓቐን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመንነት ናይቲ ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ’ዩ። ምስ መሬት ብምትእስሳር፡ ሃገራውነት ነቲ ብታሪኻዊ ብጽሒት “ዓደቦ” ተባሂሉ ዝግለጽ መሬት ዘለካ ናይ ዋንነትን ይግበኣንን ስምዒት’ዩ ተባሂሉ ይግለጽ። ሓደ ህዝቢ ዝውንኖ መሬት እንተ ዘይብሉ ብሓባር ክሓስበሉ ዝኽእል ዕድል የብሉን። መንነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ዝበቖለ ተኺሊ’ዩ። መሬታዊ ሓድነት ካብ ተላዕለ ዶብ ምልዓሉ ኣይተርፎን እዩ። ዶብ መንነት ዝጠበቐ ቦታ’ዩ ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። ትርጉም ናይቲ “ኣሸንኳይ ስድሪ መሬት፡ ዕማኾ ሓመድ’ውን ኣይንህብን” ዝብል ጭርሖና፡ በዚ ዓይነ’ዚ ክርአ እንክሎ’ዩ በርሃው ዝብል። ገዛእቲ ኢትዮጵያ ‘ኤርትራ፡ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን’ዩ’ ክብሉ እንከለዉ ኸኣ ንኤርትራዊ መንነት ንምምንቓስ እቲ ዝበለጸ ሜላ ነቲ ናተይ ዝብሎ መሬት ኣሕዲጎም ኢትዮጵያዊ ምግባር’ዩ ኢሎም ስለ ዝኣመኑ’ዩ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ነቶም ንኽይህሉ ዝተማወቱ ሰዊኡ፡ መለለዪታቱ ወይ ከኣ ዝግለጸሉ ባህርያት ኣማዕቢሉ ይርከብ። ተጻዋርነት፡ ድሉውነት፡ ሓቛፊ፡ ምጽውዋር፡ ሓላፍነት፡ ማዕርነት፡ ርጉእ ፍቕሪ፡ ሃገራውነት፡ ብልሒ፡ ርእሰ-ምርኮሳን መስዋእትነትን ባእታታት ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት እዩ። ንሎሚ ነቲ ርጉእ ፍቕሪ ዝብል ባእታ ክንገልጾ ኢና። መብዛሕትኡ እዋን ርጉእ ፍቕሪ ንዕምቆትን ቀጻልነትን ዘለዎ ስምዒት ወይ ከኣ ካብ ዕርክነትን ጽቡቕ ድሌትን ዝሰገረ ዓይነት ፍቕሪ ንምግላጽ ንጥቀመሉ ቃል’ዩ። ኤርትራውነት ከም ሃገራዊ መንነት ንኽሰርር፡ ኤርትራውያን ንሓድሕዶም ብፍቕሪ ተወሓሒጦም ምስ መሬቶምን ባህሎምን ብፍትወት ሰጢሞም ስለ ዝሓርኮቱ እዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት እምበኣር ውጽኢት ሓያል ፍቕሪ’ዩ ክበሃል ይከኣል። ኤርትራውነት ብርሃጽን ደምን ፈቓራት ዝጀርደነ ርስቲ ውፉያት - ርስቲ ፈቓራት እዩ። ፍቕሪ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከኣ በዚ ዝስዕብ ኣርባዕተ ባህርያት ክግለጽ ይከኣል።

እቲ ቀዳማይ ንኤርትራዊ እንታይነቱ ብዘየገድስ ከም ኤርትራዊ ምቕባል’ዩ። ንምቕባል እትስዕባ ካልኣይቲ ነጥቢ ከኣ ንዝኾነ ኤርትራዊ ፍሉይነቱ፡ ስምዒቱ፡ ወግዑ፡ ባህሉ፡ እምነቱ፡ ቋንቋኡ፡ ልምዱ፡ ኣተሓሳስብኡ ወዘተ ምርዳእ እያ። ድሕሪ ምቕባልን ምርዳእን ዝመጽእ ኣድናቖት እዩ። ኤርትራውነት ንኣገዳስነትን ጽባቐን ካልኦት ኣፍልጦ፡ ክብሪ፡ ልዑል ግምት ዝህብ ምቕሉል መንነት እዩ። ተወፋይነት እቲ ናይ መወዳእታ መግለጺ ፍቕሪ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት’ዩ። ኣብ ክንዲ ካልኦት ምብጻሕ፡ ኣንጻር ዓመጽን ወጽዓን ደው ምባል፡ ምእንቲ ጽቡቕ ሓፋሽ መከራ ናይ ምቕባል ብቕዓት፡ ነብስኻ ብምርታዕ ድሃይ ነብሳት ካልኦት ምድማጽ፡ ወዘተ መግለጺ ተወፋይነት እዩ።

ህንጻ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት፡ ኣብ ሓድሕዳዊ ፍቕርን ሃገራውነትን ረጊጹ ሳላ ዝተነድቀ ተነዲሉ ዘይፍርፈር ዓረ ኮይኑ ኣሎ። ብልሒ ወይ ትኽረት ንሓደጋታት ብኣጋኡ ብምስትብሃል ግዳይ ካብ ምዃን ዘናግፍ ጥበብ ብምዃኑ፡ ኣንጻር ኤርትራውነት ዝግበር ዘመተ መንእሰያት ክንነቕሓሉ ይግባእ።

# ምልሶት ናብ መምሃሪ ክፍሊ

ኣሮን ተስፋኣለም

ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ሃገር ኣሎ፣ ዓለም ኣሎ። ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ንህይወት ምችእቲ ክገብሩዋ ተኽእሎ፡ ተስፋ፡ ጽዓት ዘለዎም ተመሃሮ ኣለዉ። ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ንተመሃሮኡ ናብቲ ብድሆታት ዝመልኡዎ ካልእ መድረኽ ናይ ህይወት (ካልእ ገጽ ናይ ዓለም) ከዳሉ ሒኹ ዝብል ለዋህ፡ ሓላዪ፡ ወሃቢ፡ ኬረኛ መምህር ኣሎ። ስለዚ፡ ኣነ ፈለማ እኹል ፍልጠት ዝሓዝኩ መሲሉኒ ካብ መምሃሪ ክፍሊ ብምርሓቐይ ተጣዒሰ፣ ዓለም ጸቢባትኒ ተጨኒቐ፣ ዓለም መንጣሊት ብምዃና ጉህየ፣ ዓለም ሓልዮት ስኢነላ በርጊገ ናብ መምሃሪ ክፍልታት ክምለስ እንተ ደኣ ወሲነ፡ ዳግማይ ክጠዓሰሉ ዘኽእል ኣብነት ከቶ ኣይረኣየንን።

መምሃሪ ክፍልታትና፡ ተመሃሮ ናብቲ ብብድሆታት ዝተጕብአ ዓለም ቅድሚ ምቅልያም ዝዳለዉሉ ወይ ዝስርሑሉ ቦታ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብዙሕ ክትዛረበሉ ትኽእል ኢኻ። እቲ ብዙሕ ኣድህቦ ዘይግበረሉ መቐመጢ ሰድያታት ከይተረፈ፡ ተመሃሮ ኣብ ነሓድሕድ (እንተላይ ምስ መምህሮም) ዘለዎም ምውሳእ ስለ ዝድርኽ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ከምኡ’ውን ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ንሓድሕዶም ዘዕቍርዎ ጦብላሕታታት ጽልዋ ከይሃለዎ ኣይተርፍን።

ይዝከረኒ፡ ኩሉ ግዜ እንተ ተረፈ ሓደ መዓልቲ ብምልኣት ክጥምታ ዝምነ ዝነበርኩ ኣብ ድሕሪት ኮፍ ምባል ዝምእምኣ ሓንቲ ብትዕግስታን ብዲሲፕሊናን ትምስጠኒ ጓል ክፍለይ ነይራ። ሕጂ ምስላ ሃሲሱኒ መሸከላ ጥራይ ይዝከረኒ። ኣብቲ ሸው እዋን ስምዒታትና ተረዲኡ ዋላ ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ መቓምጦና ኣኽቢቡ ዘመዓራርየና ሓደ መምህር እንተ ዝረክብ ነይሩ፡ ሕጂ ብዛዕባ ምስላ፡ ምንቅስቓሳታ ወዘተ ሃብታም ዝኾነ ዝኽርታት ኣብ ኣእምሮይ ምዕቈርኩ በሃላይ እየ።

ልዑል ሓጐስ ዘለዎም ሰባት እቶም ኬረኛታት (ምስዚ ተላዒሉ ዘሎ ጉዳይ ብዝተኣሳሰር፡ ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ኰይኖም ዘዝመጽአ ተመሃራይ ብፍልጠት ዝመልኡ መማህራን) ምዃኖም በጺሐዮ’የ። ተሪፋኒ ዘሎ ውሳነ፡ ከም መምህር ኰይነ ድየ ዋላ ከም ተመሃራይ ብዘየገድስ፡ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ምዕቃብ’ዩ።

ተመሃሮ ናብ መምሃሪ ክፍልታት ብምኻድ ዝኸስቡዎ እንተ ሃልዩ፡ ንሓድሕድ ይፋለጡን ብሓባር ፍልጠት ይቋደሱን። ተመሃሮ ናብ መምሃሪ ክፍልታት (ናብ ቤት ትምህርትታት) እናኸዱ ክመሃሩ ምግባር፡ ፍሉይ ትካላት ሃኒጽካ ነገራት ክትጽግን ካብ ምጽዓት የድሕነካ። ንኣብነት ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ደረጃ መነባብሮኻ ከተማዕብል ዝሕግዝ ፍልጠት ከተኻዕብት ትኽእል፣ ብደረጃ ሃገር ድማ ቅኑዕ ታሪኽ ተመሓላልፍ፡ ባህልኻን ክብርታትካን ዓቂቡ ቀጻልነት ዘውሕስ ወለዶ ትምልምል፡ ተውህቦታት ትፍትሽ፡ ወዘተ። ብሓፈሻ ግን መምሃሪ ክፍልታት ብግቡእ ስራሐ እንተ ተዋጺኡ ዲሲፕሊን ዘለዎ ጥዑይ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ዓቢ ግደ ይጻወት።

ሓደ እዋን ኣብ ሓደ መጽሄት፡ ፈረንሳ ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ከም እተሕሸኸሹኸ ኣንቢበ። ሸው ብቐጽበት ኣብ ርእሰይ ዝመጽአ ሓሳብ እንተ ነይሩ፡ “ኤርትራ ኸ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ እንታይ ትገብር ትኸውን?” ዝብል’ዩ።

ፈረንሳ ግን ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ተሕሾኸሹኹኸ … እንታይ ስለ ዝኾነት እያ? ገለ ዘሰክፉ ነገር ክህሉ ኣለዎ። ኣታ እዛ ኤርትራና ደኣ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ብሓበን፡ ብናይ ሓባር ድምጺ፡ ዓው ኢላ ክትዝምር እንድየ ሰሚዐያ። ብቕጽበት’ውን ናብቲ መምሃሪ ክፍሊ ኣምሪሐ ኣብቲ መዝሙር ሰሚረ፤

ጽንዓትና፡ መኸተና

ጽዓትና፡ እምቢታና

ጽንዓትና፡ ቅልጽምና’ዩ

ጽንዓትና፡ ብድሆና

ጽንዓትና፡ ቀጻልነት ህላወና

ጽንዓትና፡ ሓያል መፍትሕ ናይ ሽቶና

ጽንዓትና’ዩ ውሕስነትና (…)።

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ተስፋዬ ገብርኣብ፡ ካብቶም ሳሕቲ ኣብ ዓለም ዝቕልቀሉ ሰብ ውህበት

*ሰሉስ 24 ታሕሳስ 2024፡ ብኢሕተምቲ ሕድሪን ስደራቤቱን ዝተወደበ ሳልሳይ ዓመት ዝኽሪ ህቡብ ደራሲ ተስፋዬ ገብርኣብን ምልላይ መጽሓፉ "ደማዊ ዘመን"ን ኣብ ሲነማ ሮማ ተኻኢዱ። እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ድሕሪ ዕረፍቱ ብቛንቋ ኣምሓርኛ "ቀይ ዘመን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተሓትመት ክትከውን እንከሎ፡ ደራሲ ሰሎሞን በርሀ "ደማዊ ዘመን" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ዝተርጎማ እያ። ኣብቲ ሲነማ ሮማ ካብ ጽቱ-ንጹት ብዘተኣፍቲ ዝመልኣሉ ደሙቕ ናይ ዝኽርን ምልላይ መጽሓፍን መደብ፡ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ስነጽሑፍ፡ ስድራቤት፡ ፈተውቲ መንእሰያት ኣስተማቐርቲ ዕዮታት ተስፋዬ ዝኽረታቶምን ምስትምቓርምን ኣቕሪቦም። ተስፋዬ ኣብ መበል 53 ዓመት ዕድሚኡ ኣብ 2021 ብሃንደበታዊ ሕማም'ዩ ዓሪፉ። ካብዚ ቀጺልና፡ ተርጓሚ መጽሓፍ "ደማዊ ዘመን" ኣብ ዕለተ-ምልላይ መጽሓፍ ዘቕረቦ ጽሑፍ ነቕርበልኩም።*




ሎሚ ሳልሳይ ዓመት ዝኽሪ ወሩይ ደራሲ ኾፍሳዊ ተስፋዬ ገብርኣብ እዩ። ኣብዚ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ መመረቕታ እዛ ብትግርኛ ተተርጒማ ናብ ኣንበብቲ ትዝርጋሕ ዘላ መጽሓፉ "ደማዊ ዘመን" ቀረብ ቃለይ ከሰምዕ ከለኹ፡ ከም ናይ ቀረባ ዓርክይን መኻርሕተይን ብሓደ ወገን ምድንፋቐ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብኸሉ'ቲ ዘርኪተልና እምብዛ ንኡድ ዕዮታቱ ሓበን ይስምዓኒ።

ተስፋዬ ኣብ 2021፡ ልክዕ ከምዛ ዕለት'ዚኣ ንሕክምና ኣብ ኬንያ ከሎ'ዩ ተፈልዩና። ብ30 ታሕሳስ ድማ ኣብ መቓብር ሓዝሓዝ ኣስመራ ኣስከሬኑ ብኽብሪ ኣዕሪፍናዮ። እዚ ካብ ዝኸውን ሰለስተ ዓመት ሓሊፉ ክኸውን እንታይ ምኻኑ፡ ክሳብ ሕጂ እቲ ምፍላዩ ሓቂ ኮይኑ ኣይስምዓንን። ብዙሓት ብቐረባ ዝፈልጥዎ እውን ከምኡ ከም ዝስምዖም ይነግሩኒ እዮም። ብርግጽ ድማ፡ ዕረፍቱ ካብ ትጽበይትና ወጻኢ እምብዛ ምቕልጣፉ ንኹልና ዘሰንበደ ድቦላ'ዩ ነይሩ። ዝኽሩ ኣብ ዕዮታቱ ኣብሪ'ኳ እንተኾነ፡ ከምዚ ኢልና ተኣኪብና ክንዝክሮ ዝኸኣልና ወደብቲ ናይዚ መደብ'ዚ፡ ኣውራ ድማ ንብዓልቲ ቤቱ ሓበን የናስ ኣመስግን።

ሓውና ተስፋዬ ካብቶም ኣዝዮም ቁንጣሮ፡ ሳሕቲ ኣብዛ ዓለም ዝቕልቀሉ ሰብ ፍሉይ ውህበት ደራሲ እዩ ክብሎ እኽእል። ብዙሓት ኣብ ዓውዲ ስነጽሑፍ ንሃፍፍ ኢና። ተስፋዬ ግን ክእለቱ ከም ደራሲ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝበለ'ዩ ነይሩ። ጣዕሚ ኣገላልጻኡ፡ ታሪኽ ናይ ምብርባር ክእለቱ፡ ምስሊ ናይ


ተሳተፍቲ ናይቲ መደብ

ምቕናል ጥበቡ፡ ኣዝዩ'ዩ ዝገርመኒ። ተስፋዬ ኣብ ዝደረሶ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ፡ ታሪኽ ተንበብ ዘለኻ ኮይኑ ኣይስምዓካን'ዩ። ንሓቀኛ ታሪኽ ናብ ምቁር ሰብኣዊ ዛንታ ናይ ምቕያር ሓያል ጥበብ ዝተዓደሎ ፍሉይ ጸሓፊ'ዩ ነይሩ።

ናብዛ ሎሚ እትምረቕ ዘላ መጽሓፉ ክኣቱ፡ ንምስትምቓር ምእንቲ ክሕግዝ ትልሚ (ፕሎት) ናይዛ ዝተፈላለየ 17 ሓጻርቲ ግን ከኣ ኣብ ሓደ መቓን ዝተወደበ ዛንታታት ዝሓዘት መጽሓፍ ከሊ. ኢደለ። ተስፋዬ ኣብ ርእሲ ክኢላ ኣዘንታዊ ምኻኑ፡ ኣብ ጽሑፋቱ ዋዛ ዘዘውትር ምኻኑ ፍሉይ ብልጫኡ'ዩ። "ደማዊ ዘመን" ብኮመዲ ናይ ታሪኽ እያ እትጅምር።

"ቀዳም ንግሆ ኣብ ባር ጃናኖ'ዩ" ትብል ቀዳመይቲ ምዕራፍ፡ ቀዳመይቲ ዓረፍተ-ነገር ናይታ "ወዲ ዛግር" ዘርእስታ ቀዳመይቲ ምዕራፍ . . . "ባር ጃና" ቀንዲ መዋፈሪት ደላሎ ኣስመራ ምኻና ይገልጽ'ሞ፡ ዝኣዘዞ ማኪያቶ እናስተማቐረ፡ "እዛም ደላላሳ ታሪኽ ዝፈልጥ ሰብ'ዶ የራኽቡ ይኾኑ?" ኢሉ ንኡብሱ ይሓቶ። ንሓደ 'ፓሎ ሚላኖ' ዝተባህለ ፍሉጥ ደላላይ ኣስመራ ድማ፡ "ምስ ታሪኽ ዝፈልጡ ሰባት ከተራኽበኒ'ዶ ትኽእል?" ኢሉ ይሓቶ። ከመይ ደኣ! ኩሉ ኢና ንደልል፡ ክንደይ ኢኻ ትኸፍል?" ይብሎ።

"ባዕልኻ ንገረኒ።"

"ናይ ግዘውቲ መኪናን ካልእ ንብረትን ፍሉጥ'ዩ። ናይ ታሪኽ ግን ኾነ ታሪፍ ኣይወጻሉን ዘሎ።"

ብድሕሪኡ ፓሎ ካብ ሓደ ታሪኽ ይፈልጥ'ዩ ዝበሎ ሰብ ናብቲ ካልእ ሐዘዎ ኩሉል እናበለ ምስ ብዙሓት የራኽቦ። ኩሎም ዘረኸቦም ሰባት ግና ታሪኽ ዝፈልጡ ዝመስሎም፡ ግና ብላዕሊ ላዕሊ ዝሰልሉ፡ ዘይምሉእ፡ ድንብልቕልቕ ዝበለ፡ መእሰሪ ማእዶ ዘይብሉ ታሪኽ ጠቀስ ላህመታዊ ሕኪያታት ጥራይ እዮም ዝፈልጡ። እዚ ኩሉ ሃሊኸም ሓዲኡ ኣጣሊሉ ታሪኽ ሓደ ፍጻመ ወይ ሓደ ብዓል ታሪኽ ክዋግር ዝኽእል ኣይረኸቡን። ኣብቲ ሕኪያታት ዝሰዓሉ ኣሶማት ማእለያ የብሎምን። ሳራ መኰንን፡ ኣለም መሰፍን፡ ተወልደ ተድላ፡ ኣደይ ዘይኑብ፡ ሳልሕ ኣሕመድ፡ ኮሎኔል ብሹ፡ መብራህቱ ሻይናክ፡ ወዲ ዓንደሉ፡ ጓል ሃይሉ፡ ኣደይ ጸገወይኒ፡ ጎይትኦም ሰለባ (ወዲ ሰለባ)፡ ኣቦይ ወልደኣብ፡ ዓዋተ፡ ብላታ ተሰፋጼን፡ ዘርኣይ ደረስ፡ ብትወደድ ኣስፍሃ፡ ኣሕመድ ግራው፡ ስርሒት ባር ጎንደር፡ ወዲ ዛግር፡ ኣቡበከር ናስር፡ ኣሉላ ኣባ ነጋ፡ ኣብርሃት በርሀ፡ ባሕረ ነጋሲ ደሱሓቕ፡ ባሕረ ነጋሲ ዘርማስ፡ ሚካኤል ዝበሃል ፈረንሳዊ ዓርኩም፡ ከንቲባ ዘርኣይ፡ ባሕረ ነጋሲ የሻክ፡ ባሕረ ነጋሲ ገርጉሰም፡ ወዘተ።

ኩሉ'ቲ ሕኪያታት ክጽሓፍ ዘይክእል ቁኖጫላት'ዩ። በዚ ምስቲ ደላላይ ብዘይ ቅወም-ነገር ክፈላለዩ ከለዉ ተስፋዬ ብጭቖርቃኑ "በዚ ዝገበርካዮ ኣበርክቶ፡ ታሪኽ ክዘክረካ ክኑበርዩ" ይብሎ ንፓሎ።

"ብታሪኽ ምዝኻር ይትረፈኒ፣ ሕጂ ሕጂ ጁባኻ ይዘክረኒ" ብዝብል፡ እዛ ኣዘናጋዒት ምዕራፍ ብዘይ ቅወም-ነገር ትዐጹ።

. . . ታሪኽ ፖለቲካዊ ቅልስ ኤርትራውያን ከም ጉዳም ደብረብዘን በ'ዒንትኻ ኣብ ቀረባ እናረአኻዮ ዘይብጽሕ'ዩ ዝመስል። ምስ ግዜ ብዓል ታሪኽ ነቲ ዝተገዓዘሉ ቀይሕ ሓዳድ ይርስዑ። ታሪኽ ምስ ካልእ ታሪኽ እናተላግዐ ንቕልቀል የኽረሩ። ወግዒ ካልእ ወግዒ እናወለደ፡ ዘይተሳ ታሪኽ እናተወሳሰኹ፡ ቅወም-ነገሩ እናጠፍኣ፡ ንሓድሕዱ እናተመናጠለ፡ እናተበረዘ ናብ ጽውጽዋይን ቅንጥብጣብ ሕኪያታትን እናተቐየረ ኣብ ልቢ'ቶም ዝሰዕቡ ወለዶ ይዝረእ፣ ከመይሲ እቲ ሰራሒ ታሪኽ፡ ተራኺ ታሪኽ ክኸውን ኣይክኣለን፣ ዛንታኡ ኣይጸሓፈን። እቶም ዝሰዓቡ ወለዶ ድማ 'ይብሃል ነበረ' እምበር ጭብጢን ዝርዝርን ዘይፈልጡ ይኾኑ። ቀዳሞት ወለዶ'ዚ እንኮ ዘለና ርስቲ ንምዕቃብ ዝሓለፉዎ ኣዝዩ መሪርን ደማዊን ዘመን ዝፈልጡሉም ኣይህሉን፣ ብምባል'ዩ ተስፋዬ ናብቲን ዝቕጽላ ምዕራፋት ዝሰግር።

በዚ ኮመዲ'ዚ ዝጀመረ ድርሰት ተስፋዬ፡ ካብታ ካልኣይቲ ምዕራፍ "ጋሻ ደግላ" ጀሚሩ "ወብ ወ ስቦጋደስ"፡ "ሓሊማ ናስር"፡ "ዘመነ መሳፍንቲ"፡ "ድሕሪ ውግእ በሉሳ" ኣብ ዝብላ ምዕራፋት 180 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሱ፡ ኣብ 1840-1850ታት ዝበሩ ሽማግንቲ መረብ ምላሽ ብኣዝዩ ወሱን ዓቕሞም ንዝዒፍ ወራር ደርገኛ ሰራዊት ወብኤን ስቦጋደስን እናተኸላኸሉ፡ ርሱቶም ኣሕሊፎም ከይሀቡ ዘሕለፉዎ ደማዊ ዘመን ይትርኽ። ኣብ ግጥም ሩባ በሉሳ ዝበዝሑ ካብቶም ሽማግንቲ ምስ ደቆም ዝወደቑሉ ዘሕዝን ፍጻመ ብምግላሕ ድማ፡ እቲ ዘመን ክሳብ ክንደይ መሪር ምንባሩ መጻሕፍቲ ታሪኽ ተወከሱ ብስፍሓትን ብስእላዊ ኣገላልጻን ይትርኽ። ምስ ሓሙሽተ ደቆም ኣብ ውግእ በሉሳ ዝወደቑ ባሕረ ነጋሲ ደቦሳይ ኣየናይ ብምጥቃስ፤

ወለደካዮም ካብ ኣሚን ሒማ
ዘይወሰኽኻ እኳ ካብ ጉርዞ ወሸማ
ደቅኻ ገበርካዮም መፈተን ዒላማ . . .

ተባሂሉ ከም እተደጎዓሉም የዘንቱ።

ብድሕሪዚ ተስፋዬ ገብርኣብ ናብቲ ጣልያን ናብ ኤርትራ ዝኣተወሉ እዋን'ዩ ዝሰግር። ኣብታ "ፖለቲካ ኣቡነ ያዕቆብ" ዘርእስታ ምዕራፍ፡ ካብ ቅድሚ ምእታው ጣልያን ናብ ዓሰብ ጀሚሩ ዝበረ ኩነታት ብምትራኽ፡ "ኣብ ጁሰፐ ሳፔቶ"፡ "ቪቫ ኢጣልያ" ኣብ ዝብላ ምዕራፋት፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝጥቀስ ፍጻመታት፡ ዝርዝራቱ እንታይ ከም ዝመስል ምስኦም ከም ዝበረ ብዘምሰል ንሓቀኛ ገጸ-ባህርያት ህይወት ኣልቢሱ ተንቲንዎ ኣሎ። "እምቢተኛታት" ኣብ ዝብል ምዕራፍ ድማ ኣንጻር ኢጣልያ ዝበረ ተቓውሞታት ሽምቅታትን ደቀባትን ኤርትራ፡ እንተላይ ዝርዝር ስርሒት ምምላጥ ካብ ደሴት ናኹራ ምስሊ ብዘቐጽል ኣቀራርባ የዘንቱዎ። "ዘርኣይ ደረስ" ኣብ ዝብል ምዕራፍ ከኣ ከይተፈለጦ ንብዑት እተውሕዘሉ ጅግንነትን ዘሕዝን ኣማውታን ናይቲ ኩሉ ኤርትራዊ ስሙ ዝፈልጦ፡ ታሪኹ ግን ብልክዕ ከዘንትዎ ዘይክእል ጅግና ኤርትራዊ ተሪኹ ኣሎ።

"ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ"፡ "ጃንሆይ ተፈሪ" ኣብ ዝብሉ ምዕራፋት ተስፋዬ ገብርኣብ፡ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ካብ ምምሕዳር ብሪጣንያ ክሳብ ፌደረሽንን ገበጣ ኢትዮጵያን ካብቲ ሓፈሻዊ እሃንበጦ ታሪኽ ፍልይ ብዝበለ፡ ኤርትራውያን ኣብዚ መድረኽ'ዚ ዝሕለፉዎ ቃልሲ ሰብኣዊ ህይወት ኣልቢሱ ተሪኹልና ኣሎ። ቀጺሉ "ቅልውላው ከረን"፡ "ሰላሳን ሸሞንተን ኣሕዋት"፡ "ጓል እምባደርሆ" ኣብ ዝብላ ምዕራፋት፡ ምውዕዋዕ ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲን ኣጀማምራ ብረታዊ ቃልስን እንታይ ይመስል ከም ዝበረ ብመራሕቲ ዘይተሳ ብተራ ነቲ ግዜ'ቲ ወከልቲ ገጸ-ባህርያት ኣቕሪቡልና ኣሎ።

ትልሚ ናይዛ መጽሓፍ ብኮመዲ ናይ ታሪኽ ጀሚሩ፡ ንታሪኽ ብዘጋጥሞ ትራጀዲ'ዩ ዝዛዘም። ማለት፡ ታሪኽ ንፈልጥ ኢና ብዝብሉ ህውታትያ ጀሚሩ፡ ታሪኽ ብዘሰንወ መሃይማን ትድምደም። እታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ "ቪላ ዞግዱር" ዘርእስታ'ያ። ተስፋዬ ብኢጋጣሚ ምስ ኣቶ ዞግዱር ይላለ፡ ዞግዱር ናብ ገዛኡ ክጸሕ ይዕድሞ። ዞግዱር ኣብ ታሪኽ ልዑል ፍቕሪን ተምሳጦን ዝበሮ ሰብ'ዩ። ኣብ ገዛኡ ዘይኣከቦ መጻሕፍቲ የለን። ዝረኸቦ ጽሑፍ'ዩ ዝእርንብ። ኣብ ዕዳጋታት ሓራጅ እናተዛወረ፡ ጽሑፋት ናይ ምእካብን በብዘመኑ ፈላልዩ ብስርዓት ናይ ምቕማጥን ልምዲ ነበሮ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ዝተፈላለየ ንብረት እውን ከም ቅርሲ ይሕዝ፡ ንኣብነት፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ማርያም ግምቢ፡ እቶም ጨካናት መርመርቲ እሱራት መሳቐዪ ዝጥቀምሉ ንብረት፡ ኣብ ዝኮሓፈሉ ዝበረ እዋን ዞግዱር 'ንዓይ ሃቡኒ' ኢሉ ኣብ ገዛኡ ቦታ ፈልዩ ከም ቅርሲ ኣቐሚጦ። ብሓጺሩ ገዛኡ ከበሒ ታሪኽ'ዩ፡ ብመጻሕፍቲን ቅርስታትን።

ናይ ዓለም ነገር፡ ዞግዱር ብሞት ምስ ተፈልየ፡ ገዛኡ "ፍጹም እንዶ ናይ ታሪኽ" ብዘይብሉ ሓደ ብዓል ጸጋ ይዕደግሞ ናብ ዘመናዊ ቤት-መግቢ ይቕየር። ተስፋዬ ናብቲ ብዝተፈላለየ ሕብርታትን ናይ ወጻኢ መዚቃን ዝደመቐ ቤት-መግቢ ክጸሕ ኢሉ ምስ ከደ፡ እቲ ዝዓደጎ ሰብ ከምዚ እናበለ የዋግዮ፤

" . . . ከምቲ ኣቐዲመ ዝዕለልኩኻ እቶም ዋና ገዛ ጥዕናኦም ጸቡቕ ዝበረ ኣይመስለንን። መሸንቀቓ ገመድ


ብዓልቲ ቤቱን (ጸጋም) ጓሉን ንተስፋዬ

ከይተረፈ ኣብ ሰንቀ ተንጠልጢሉ ምስ ረኸና ሰንቢድና ኢና። 'ምናልባት ደኾን ኑሶም ከጥፍኡ ይሓስቡ ነይሮም' ዝብል ጥርጣረ'ውን ሓደሩና። ካብዚ ዝወጸ ንብረት ማእለያ የብሉን። ገለኡ ሓሪጅናዮ፣ ገለኡ ጉሒፍናዮ፣ ገለኡ ኣቃጺልናዮ፣" ይብሎ ንተስፋዬ።

ተስፋዬ መሪር ሓዘን ተሰሚዑዎ . . . "ሓደ ሰንበት" ይብል ተስፋዬ፡ "ናብ መቓብር ሓዝሓዝ ደያብኩ'ሞ ኣብ ጫፍ መቓብር ኣቶ ዞግዱር ኮፍ ኢለ፡ ድሕሪ ዕረፍቱ ኣብ ልዕሊ ቪላኡ ዝተፈጸመ ዘሕዝን በደል ኣውጋዕክዎ . . ." ክብል ድማ መጽሓፉ ይድምድም።

መጽሓፍ ተስፋዬ፡ ካብ ካልእ መጻሕፍቲ ታሪኽ ፍሉይ ዝገብሮ፡ ተነባቢን መሳጢን ኣዘናጋዒን ብምኻኑ'ዩ። ንመንእሰያት ብሱላቢን ፈጠራዊን ኣጸሓሕፋን ምስ ሓቀኛ ታሪኽ ዘላ ኣብ ታሪኽ ንኽየግደሱ ዝድርኽን ብምኻኑ ድማ፡ ኩሉ መጻሕፍቱ ናብ ኩሉ ቋንቋታት ሃገርና ተተርጒሙ ብመንእሰያት ክንበብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስምዓኒ። ኩልና በቲ እንፈልጦ ቋንቋ ንምትርጓሙ ኣደይ ኣደኻ ክንብለሉ ዝግብኣ ድማ'ዩ። ካብ መጻሕፍቲ ተስፋዬ ታሪኽ ጥራይ ኣይኮነን እንቐስም። ብቐንዱ ጥበባት ብሉጽ ኣጸሓሕፋ ክንመሃረሉ ስለ እንኽእል፡ ኩሎም ደረስቲን ስነጥበበኛታት ተገዲሶም ክመራመሩሉ ኣለዎም።


መደብ ዝኽሪን ምልላይ መጽሓፍን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት እስማዒል መሓመድ እስማዒል፡ ፋጥማ መሓመድ ዑስማን፡ ዘይነብ እስማዒል መሓመድ፡ ሓሊማ እስማዒል መሓመድ፣ ተኸሳሲ መሃር ዑስማን፡ ንሽም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/02/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቁ/39 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ እዩ፡፡

ግርማይ ሓጎስ ገብረማርያም፡ ኣቦይ ኣቶ ሓጎስ ገብረማርያም ሃይሉ፡ ን20 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ዲና ኣስመሮም ሃይሉ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣስመሮም ሃይለ ለገሰ፡ ኣቦይ ንልዕሊ 23 ዓመት ደሃዩ ስለ ዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ወይ/ምብራቅ ተስፋማርያም ኣስገዶም፡ ስም ኣደይ ጽሃይቱ ሃይለ ያሬድ ምባል ተሪፉ፡ ለተየሱስ ዑቕባዝጊርኤል ዘወልዴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ዓወት ሃብታይ ሰለሙን፡ ኣዴና ሃና ኣስገዶም ገብረት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ተተኪእ ደቂምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣብርሃም በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ወልዳኣብ ገብረወልዲ የማኣብ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳሚ ያሲን ረጃ ምባል ተሪፉ ከሊል ያሲን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ደማ ጊደይ ኣደምኑር ምባል ተሪፉ፡ ሐርያ ያሲን ረጃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ዓንደብርሃን ተኸሳሲ ኣድማስ በያልዶግባ ኮንትራክተር፡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/02/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቁ/39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ እዩ፡፡

ኤልሳ ዓንደ ንጉሱ፡ ብዓል ቤተይ ሃብታይ ኪዳነማርያም ተኽላይ ስለ ዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ተስፋኢየሱስ ጴጋይ መብራህቱ፡ ኣቦና ጴጋይ መብራህቱን ኣዴና ኣብርሀት ጴጋይን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ት ሰላም ግርማ ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሰላም ኣቸኩ ኣሩቺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ትሕተ ዕድመ ብመንበዲ ወለዱ ሚካል ዑቕባዮሃንስ መንገሻ ምባል ተሪፉ፡ ሉልያ ዑቕባዮሃንስ መንገሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

የናታን ብርሃን ምባል ተሪፉ የኒዮናታን ብርሃን ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መብራት ዘርኤ ዑቕባገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ጴጋይ ተወልደ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ምሕረትኣብ ገብረሂወት፡ ወድና ፊሊሞን ምሕረትኣብ ገብረሂወት ስለዝዋረፈ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ሰለሙን፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ተስፋዝጊ ተ/ማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጎይትኦም ፍስሃየ ሃይሌ፡ ብዓልተ ቤተይ ኣረጋሽ ወልዱ ወልደገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኢትዮጵያ ገብረኣብ፡ ብዓል ቤተይ ተኪኤ ኪዳነ ተኽሉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ እምባ ደርሆ

እዝገኣምን ማዘንጊዕ ተኪኡ፡ ብዓል ቤተይ መብራህቱ ዘርኡ ጎምጭ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓረዛ

ተሸመ ኣብርሃ ርእሶም፡ ካብ ሓወቦይ ነ/ሂር ፍቓዱ ርእሶም ንጋሲ ዝተዋህበኒ ህያብ ናይ መጥሓን እኽሊ ምስ ልቸንሱ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ማይ- ምነ

ዋሸ ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ጎንሽ ሰዩም ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ጸሮና

ወ/ሮ ሓረጉ ሰዩም ተኽለገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ላፕተን ነጋሲ ካሕሳይ ኣብርሃ ስለዝተሰውአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ቅድሚ ምስዋኡ ብሂወት ኣብ ዝበረሉ ብዕለት 10-2-22 ዓ/ም ለበዋ ገዲፉለይ፡፡ እቲ ለበዋ ከኣ ኣብ ጸሮና ኣብ ዝርከብ ናይ ሓብርና ዝኾነ ገዛ ኣብ ሎታ 4 ፓርሰል N ዝርከብ 150/ትር/ሜትሮ ዝስፍሓቱ መሬት ዝኾነ 2 ክፍሊ ገዛን ሽቓቕን ካሽሎን ሰፈሕ ዘለዎ ናይ ሓብርና ገዛ እቲ ብጽሒቱ ብለበዋ ስለ ዝሀደፈለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ብርሃን ሓጎስ ድራር፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ጴጋይ ኪዳነ ተኽለ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሂለሪ ዓፈደሽ ዘመደ ምባል ተሪፉ፡ ሚለን ዓፈደሽ ዘውደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ጸሃይ ብርሃ ካሕሳይ፡ ተኸሳሲ ሕሳቡ ገ/መድህን፡ ንዓኻ ዝምልከት ጉዳይ ሰ/ሰ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

መሓመድ ዑመር ኣብርሃም ሰሌማን ምባል ተሪፉ፡ ዑመር ኢብራሂም ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

የሰፍ ሓምድ ዓሊ የሰፍ ምባል ተሪፉ፡ የሰፍ መሓመድዓሊ የሰፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ፍጹዛ ሓሰን ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ወ/ሮ ፋይዛ ሓሰን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መሓመድ ዓሊ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ዓሊ ሳልሕ ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

የዲት ንጉሰ ገብረታትዮስ፡ ኣደይ ሉታይ ተስፋገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ትዕበ ኣውጻና ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ተኽሉ ተወልደብርሃን መጃሾ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳራ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ሃብቱጋብር ምዝሎ ካሕሳይ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዘውዲ ሰረቐ የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ፍትዊ ተስፋገርግሽ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ፍስሃየ ገ/እግዚኣብሄር የዕበዮ ዓለመዲን ምባል ተሪፉ፡ ፍስሃየ ገርእግዚኣብሄር የዕበዮ ከፉሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ፍጹም ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኢብራሂም ሓምድ ዑስማን፡ ብ18/07/2008 ዓ/ም ውዕል መሸጣ መኪና ፈጺምና ስም ስለ ዘየመሓላለፈለይ ይጻወዓለይ ስለ ዝበለ፣ ን29/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ እዩ፡፡




ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ./ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!



ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት

Golden Integrated Algebra & Geometry

ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኸን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ፡፡

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

- ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓልላ
- ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
- ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም







ቴሌፎን፦ 07114840

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

**ሰሉሲ - ክብሮም ጸጋ**

# ሃገራዊ ውድድር ጉያ መሮር ተኻይዱ

## ዞባ ማእከል ዝዓብለለቶ ውድድር

ሃገራዊ ውድድር ጉያ መሮር፡ ሰንበት 5 ጥሪ ንመበል 26 ግዜኡ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ



ዕዉታት ማርያ፡ ቅዱሳን ኣርያምን



ዕዉታት ኣሮን፡ በረኸትን ሰመረን



ዕዉታት ራሄል፡ ርግበን ዘቢብን

መንደፈራ ከበቢ ዓዲ ሓረ ተኻይዱ።

ኣብዚ ውድድር፡ ዞባታት ደቡብ፡ ማእከልን ዓንሰባን ከምኡ'ውን ሚኒስተር ምክልኻል ክሉብ ደንደንን ገለ ናይ ውልቂ ኣትሌታትን ተወዳዲሮም።

ኣብቲ ሓንቲ ዙርያ ክልተ ከሎሜተር




እትሽፍኑ መወዳደሪ ቦታ፡ ፈለማ ንኣሽቱ ኣትሌታት ማለት ትሕቲ 18 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ተወዳዲረን፣ ኣርባዕተ ከሎሜተር ድማ ሸፊነን። ኣትሌት ዞባ ማእከል ሚካል ጉብረሚካኤል ከኣ ብ14 ደቂቕን 6 ንኣስ ካልኢትን ቀዳመይቲ ኣትያ፣ እዛ ኣትሌት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከረን ንዝተኻየደ ውድድር'ውን ተዓዊታትሉ ነይራ። ብተኸታታሊ 14ን 18ን ካልኢታት ዝደሓራ ኣትሌት ዞባ ደቡብ ሳምራዊት በራኺን ናይ ማእከል ለድያ ኢሳቕን ከኣ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኣትየን።

ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሽዱሽተ ከሎሜተር ተሰሪዑሎም። ኣትሌታት ማእከል ከኣ ኣብ መንጎኦም ንኻልእ ዞባ ቦታ ከይገደፉ ብተኸታታሊ፡ ማርዳካይ መሓሪ፡ ዳዊት ክፍለምን ሳሙኤል ንጉሰን ተመራሪሖም ተዓዊቶም። ማርዳካይ፡ ብ18 ደቂቕን 16 ካልኢትን 58 ንኣስ ካልኢትን እዩ ተዓዊቱ።

ሰለስተ ዙርያ ኣብ ዝኸለላ ማእከሎት ወይ ትሕቲ 20 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ መንጎ ኣትሌታት ማእከልን ደቡብን ሱሓቢ ተወዳዳርነት ተራእዩ። ኣብ ዞባኣ እትወዳደር ዝበረት ቅዱሳን ተወልደ ምስ ናይ ማእከል ኣትሌታት ኣርያም ሓደሽን ማርያ ዓሊን ኣብ ቅልስ ኣትያ። ማርያ ግና ዙርያ ኣብ

ምውድኡ ብዘበረቶ መጥቃዕቲ ብ21 ደቂቕ፡ 34 ካልኢትን 28 ካልኢትን ቀዲማ ኣትያ። ናይ ዓሚ ዕውትቲ ናይ'ዚ ምድብ ዝበረት ቅዱሳን ሸሞንተ ካልኢት ድሒራ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ፡ ኣርያም ሳልሰይቲ ኣትያ።

ኣብዚ ሰለስቲኡ ምድባት፡ ብደረጃ ዞባ - ማእከል እያ ጉብለል ኮይና።

ሸሞንተ ከሎሜተር ዝተሰርዓሎም ናይ ትሕቲ 20 ዓመት ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ኒታ ዓብላሊት ኮይና ዝወዓለት ማእከል ዘየጋእ ውድድር ነይሩ። ኣብ ፈለማ ዙርያታት ኣትሌታት ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ቅድሚት ተጉዲሞም ክመርሑን ተፈልዮም ክጉዕዙን



ክኢሎም ነይሮም።

ይኹን እምበር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ኣብ ፈረንሳ ኣብ ጉያ መሮር ራብዓይ ደረጃ ዝሓዘ ሳይሞን ተስፋገርግሽ - ማእከል፡ ንጉብለልነት ማእከል ኣሕሊፉ ኣይሃበን። ንኣትሌታት ዞባ ደቡብ ምሕረትኣብ ኣማኑኤልን ሓየሎም ተስፋሚካኤልን በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ። ደቡብ ግና ብደረጃ ዞባ ጹብለል ኢላ።

ዓበይቲ ኣትሌታት (ሲንየር) ክልተኡ ጾታ 10 ከሎሜተር እየም ሸፊኖም። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምቲ ኣብ ኩሉ ምድባት ኣብ መንጎ ማእከልን ደቡብን ጥራይ ዝተራእየ ተወዳዳርነት እዩ ተገዚቡ። ኣትሌት ዞባ ደቡብ ርግበ ሃብተስላሴ፡ ኣንጻር ናይ ማእከል ኣትሌታት ራሄል ዳኒኤልን ዘቢብ ወልደሚካኤልን ኣብ ሓያል ቃልሲ ኣትያ። ዝወሓደ ዙርያ ምስ ተረፈ፡ ዘቢብ ካብዘ ጉጅለ ዘልሓጥ ኢላ።

ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ብዘዘበረቶ መጥቃዕቲ ከኣ ብ36 ደቂቕ፡ 4 ካልኢትን 76 ንኣስ ካልኢትን ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ኮይና። ርግበ፡ 15 ካልኢት ተፈንቲታ ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢላ። ዓሚ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት ዘቢብ ድማ፡ ብ37 ደቂቕ፡ 12 ካልኢትን 52 ንኣስ ካልኢትን ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ። ዝሓለፈ ዓመት ዕውትቲ ናይ'ዚ ውድድር ዝበረት ኣትሌት ክሉብ

ደንደን የርዳኖስ ሃብተስላሴ ግና፡ ክብራ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን፡ ሓምሻይቲ ኣትያ። ናይዚ ምድብ ዕውትቲ ጋንታ ድማ፡ ማእከል



ኮይና።

ደቂ ተባዕትዮ፡ ብየነ ምስ በሉ እዮም ፋሕ ፋሕ ክበሉ ጀሚሮም። ዝሓለፈ ዓመት ድሕሪ ናይ ነዊሕ ግዜ መጉዳእቲ ናብ ውድድር ተመሊሱ ኣብ ከረን ራብዓይ ደረጃ ዝሓዘ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዞባ ማእከል ኣሮን ክፍለ፡ በሎኽ ኢሉ ብምውጻእ ፍልልዩ እናግፍሐ ክመርሕ ጀሚሩ። ኣረጋግጹኡ ከኣ ኑቲ ዓሚ ዝኸሰሮ ወጽኢት ዝመልሶ እዩ ዝመስል ነይሩ። ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ኣብ 5000 ሜተር ካብ መጻረዪ ዝሓለፈ ወዲ ጋንታኡ ዳዊት ሰዓረ፡ በረኸት ዑቕባጽዮን - ደንደን፡ ሰመረ ጉብረብርሃን - ደቡብን ካልኦትን ድማ፡ እግረ እግሩ ይስዕቡ ነይሮም።

ኣብ ናይ መወዳእታ ዙርያ ከኣ ሰመረን በረኸትን ክርክብዎ ቀሪቦም ነይሮም። ጸቡቕ ጸወታ ዘርኣየ ኣሮን ግና፡ ጻዕሩ ፍረ ክረኽብሉ ኣይተጻገመን፣ ብ30 ደቂቕ፡ 55 ካልኢትን 11 ንኣስ ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ካብኡ'ዉ ደድሕሪኡ ዝሰዓቡ ኣትሌታት ድማ፡ በረኸት - ንሰመረ በሊጹ ብ30 ደቂቕ፡ 56 ካልኢትን 54 ንኣስ ካልኢትን ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ። ሰመረ፡ ኑሓስ መዳልያ ኣንጠልጢሉ።

ዓሚ ኣብዚ ምድብ ብመጉዲ ዓወት ሃብተ ጹብለል ኢላ ዝበረት ደቡብ፡ ሎሚ ዓመት ዝሓዘቶ ዝበለጸ ደረጃኣ ብመጉዲ ሞገስ ሹማይ ኮይኑ፡ ራብዓይ ተርታ እዩ። ብሀውሉል ደረጃ

ኣትሌታት ግና፡ ናይዚ ምድብ ብጋንታ ቀዳመይቲ ኮይና ተሸሊማ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልተ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብምልፋን ዝተደድ ሕውስዋስ ምቅብባል በትሪ (Mixed relay) ኣካል እዚ ውድድር እዩ ነይሩ፣ ኣብ መንጎ ማእከል፡ ደቡብ፡ ዓንሰባን ደንደንን ድማ ተኻይዱ። ማእከል፡ ኣብ ፈለማ ብሚካል ጉብረሚካኤል ዘንጸፈቶ ፍልልዩ እናዓቀበት ከኣ፡ ዝ. ናይ ሸሞንተ ከሎሜተር ውድድር ብ25 ደቂቕ፡ 29 ካልኢትን 44 ንኣስ ካልኢትን ተዓዊታትሉ። ደንደንን ደቡብን ከኣ፡ ንዓኣ ሰዒበን ኣብ መድረኽ ደይበን።

በዚ መሰረት፡ ብደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ጉብለል ክትከውን እንከላ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ ኣሰናዳኢት ናይ'ዚ ውድድር ዞባ ደቡብ ጹብለል ኢላ።

**ትዕዝብቲ**

* ጉዳይ ሱታፌ ዞባታት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንኸደ ይመጽእ ኣሎ። ዓሚ ዝተሳተፈት ጋሽ ባርካ እኳ፡ ሎሚ ዓመት በኺራ።

* ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ እናንጉልበተት ትመጽእ ዞላ ክሉብ ደንደ፡ ኣብዚ ውድድር ኣይግደሰን። ወላ'ኳ ኣብ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮን ሕውስዋስ ምቅብባል በትሪን ብሩር መዳልያ እንተኣምጸኣት፡ ተወዳደርቲ ነይራ ኣይፀበልን። ዓሚ ኣብ ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ ብየርዳኖስ ዘምጽኣቶ ወርቂ እኳ ክትዕቅቦ ኣይከኣለትን።

ብሓፈሻ እዚ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ማእከልን ደቡብን እዩ ተሓጺሩ። ማእከል ዓብላሊት ነይራ እንተተባህለ'ውን ምግናን ኣይኮነን። ብዕድመ እቶም ዝሰኣሱ ኣትሌታት ሒዛ ዝቐረበት ዓንሰባ ከኣ ክትምስገን ዝግብኣ እዩ፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ ገለ ምድባት ጉዳይ ዕድመ ገና ኣዛሪቢ እዩ ዘሎ።

* ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብፍላይ ኣብ ንኣሽቱ (ዩዝ) ካብ ናይ ዓሚ ዝጠዘለ (34 ኣትሌታት ነይረን) ነይሩ። ምትብባዕ ምስዘይፍለየን ባይታ ምስ ዝጣጣሓለንን ከኣ ተኻእቲ ዘይኮናሉ ኣብኡት የለን።

* እዚ ሃገራዊ ፈደረሽን'ዚ፡ ሓደ ካብቶም ኣተባባዒ ፕሮግራም ሽልማት ዘሀብ እዩ - ካብ ኩሎም ፈደረሽናት ዝለዓለ እንተተባህለ'ውን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ሎሚ ዓመት ግና፡ እቲ ዝተለምደ ሽልማት ብምጉዳሉ ቁር ዝበሉም ወገናት ኣይተሰኣኑን። ንኣብነት፡ ዓሚ ኣብ ናይ ዓበይቲ ክልተኡ ጾታ፡ ዕዉታት 10 ሽሕ ናቕፋ እዮም ተሸሊሞም ነይሮም። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ግን እቲ ሽልማት ሽዱሽተ ሽሕ ናቕፋ እዩ ነይሩ።

**መደብ ጸወታ**

ሎሚ

ካራባኦ ካፕ

ኣርሰናል - ኒውካስል 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሓማስ፡ ጅሆታት እስራኤል ናጻ ክለቅቕ ምኳኑ ሓቢሩ

ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ከም ኣካል'ቲ ምስ እስራኤል ክበጽሕ ዝኽእል ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ 34 ጅሆታት እስራኤል ናጻ ክለቅቕ ምዃኑ፡ ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስን ኤይ.ኤፍ.ፒን ንሓደ ስሙ ዘይተጠቕሰ ብዓል-ስልጣን ናይ'ቲ ፍልስጤማዊ ጉጅለ ብምጥቃስ ሓቢረን።

እቲ ናይ መጀመርታ ጅሆታት ናይ ምልቃቕ ስጉምቲ፡ ኣብ ቓዛ ተኣሲረን ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ፣ ህጻናት፡ ኣረጋውያንን ሕሙማትን ዘጠቓልል ምዃኑ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ኣፍሊጡ።




ይኹን'ምበር ሓማስ ኩነታት እቶም ጅሆታት ንምጽናዕ ግዜ ከድልዮ እዩ ዝበለ እቲ ብዓል-ስልጣኑ፡ እቶም ጅሆታት ብህይወቶም ይሃልዉ ኣይሃልዉ ናብ ዓዶም ክምለሱ ምዃኖም ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ "እቲ ጉጅለ፡ ምስ'ቶም ኑቶም ጅሆ ሒዞሞም ዘለዉ ንምዝርራብን ብህይወት ዘለዉን ዝሞቱን ንምልላይን ናይ ሓደ ሰሙን ግዜ የድልዮ" ይብል እቲ ብዓል ስልጣን።

ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብወገኑ፡ ሓማስ ዛጊት ዝርዝር ኣስማት ናይ'ቶም ክፍትሖ እዮም ዝበሃሉ ዘለዉ ጅሆታት ከምዘይቀረበ ብምሕባር፡ እዚ ዝ ዝካየድ ዘሎ ዝርርብ ብኣሉታ ክጸልዎ ከምዝኽእል ኣብሪሁ።

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ክልቲኦም ወገናት ብጉዳይ ምቁራጽ ተኹሲ ኣብ ቀጠር ዝርርብ ኣብ ዘካይዱሉ ዘለዉ እዋን እዩ።

## ደ.ሪ ኮንጎ፡ 'ኤም 23' ስትራተጂያዊት ከተማ ተቖጻጺሩ

ዕጡቓት ተቓወምቲ 'ኤም 23'፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ እትርከብ ስትራተጂያዊት ከተማ 'ማሲሲ' ከምእተቖጻጸሩ ተገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ብሰንኪ እቲ ነታ ከተማ ንምቁጽጻር ኣብ መንጎ ተቓወምትን ሰራዊት መንግስትን ዝተኻየደ ውግእ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝተመዛበሉ፡ ምንጭታት እቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኤም 23፡ ብመንግስቲ ሩዋንዳ ከምዝድገፍ ክትከሰስ ዝጸንሐት ኮንጎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ብመንጎኛነት ኣንጎላ ምስ ፕረዚደንት ሩዋንዳ ርክብ ክካየድ ዝተወጠነ ዝርርብ ኣብ ውዕሎት ናይ'ቲ ዝቐረበ እማመታት ስምምዕ ስለዘይምርድዳእ ከምዝተሰረዘ ይፍለጥ።

ቅድሚ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ዝተቐልቀለን ንዓመታት መጥቃዕቲታት ክካይድ ዝጸንሐን ኤም 23፡ ብቐንዱ ኣብ'ታ ብሀብትታት ሃብታም ዝኾነት ግዝኣት ሰሜን ኪቩ ዝመደበሩ እዩ።

መራሕቲ ናይ'ቲ ጉጅለ ዝበዝሑ ካብ ዓሌት ቱትሲ ዝመጹ ኮይኖም፡ ሓደ ካብ ዕላማታቶም ድሕሪ እቲ ኣብ 1994 ዝተፈጸመ ምጽናት ዓሌት ካብ ሩዋንዳ ዝሃደሙ ብሁቱ ዝምራሕ ሓይልታት ምክልኻል ምዃኑ ይዛረቡ።



ኣስታት 40 ሽሕ ህዝቢ ዘለዋ ማሲሲ፡ ብሕርሻ፡ ጥሪትን ማዕድናትን ሃብታም ዝኾነት ምምሕዳራዊት ርእሰከተማ ግዝኣት ማሲሲ እያ።

## "ቀ/ሚ ካናዳ፡ መዝነቱ ክሓድግ ይኽእል እዩ" ምንጪታት

ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ጀስቲን ትሩዶ፡ ካብ ስልጣኑ ብፍቓዱ ክወርድ ምዃኑ ዝገልጽ ሓበሬታ ከውጽእ ከምዝኽእል፡ ምስ'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ቅርበት ዘለዎም ምንጪታት ገሊጾም።

ይኹን'ምበር፡ ምልቃቕ ካብ መዝነት ናይ'ዚ ንትሽዓተ ዓመታት ከም ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ኮይኑ ዘገልገለ ብዓል-ስልጣን ናይ መወዳእታ ስጉምቲ ክሳብ ዘይተወሰደ ኣብ ግብሪ ክውዓል ደዩ ኣይክውዕልን ፍሉጥ ኣይኮነን።

እቶም ምንጪታት ንጋዜጣ 'ግሎብ ኤንድ ሜይል' ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ትሩዶ መዓስ መዝነቱ ክለቅቕ መደቡ ከምዝሎ ብልክዕ ከምዘይፈልጡ'ኳ



እንተገለጹ፡ ቅድሚ'ቲ ዝመጽእ ረቡዕ ዝካየድ ሃገራዊ ኣኼባ ባይቶ ክኸውን ከምዝኽእል ግን ኣረዲኦም።

ቤት-ጽሕፈት እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ነቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ርእይቶ ንክህብ ንዝቐረበሉ ሕቶ ብቕጽበት መልሲ ኣይሃበን ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ትሩዶ ብቕጽበት ደዩ ስልጣኑ ክሓድግ ወይስ ሓድሽ መራሒ ክሳብ ዝምረጽ ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ክጸንሕ ዛጊት ንጹር ከምዘይኮነ፡ ጸብጻብ'ታ ጋዜጣ ወሲኹ ሓቢሩ።

ምውራድ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ግብራዊ እንተኾይኑ፡ ንዘቕጽሉ ኣርባዕተ ዓመታት ምስ ምምሕዳር ምሩጽ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ክሰራሕ ዝኽእል መንግስቲ ንምትካል ቅልጡፍ ምርጫ ክካየድ ዝጠልብ ጻውዒታት ከለዓዕል ከምዝኽእል እዩ ተኣሚኑ ዘሎ።

ትሩዶ፡ ኣብ 2013 ለበራላዊ ሰልፊ ኣብ ዓሚቝ ጸገም ኣብ ዝበረሉን ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ'ታ ሃገር ናብ ሳልሳይ ደረጃ ኣብ ዝወረደሉን እዋን፡ መራሒ'ቲ ሰልፊ ኮይኑ ስልጣን ከምዝሓዘ ይፍለጥ።

## ኩባንያ ኣፕል፡ 95 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ይኸፍል

ብኩባንያ ኣፕል ዝማዕበለት 'ሰሪ' ዝተባህለት መተግበሪ (ኣፕሊኬሽን) ውልቃውነት ሰባት ከምዝጠሓሰት ዝገልጽ ክሲ ድሕሪ ምቕራቡ፡ እቲ ኩባንያ 95 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ክኸፍል ከምእተሰማምዐ ተሓቢሩ።

ሰራ፡ ድጃታላዊት ወኪት ሓገዝ ኮይና፡ ብኣፕል ኣብ ዝፈረዩ ኤለክትሮኒካውያን ኣቕሑ ድማ፡ ብምቕባልን ብምምላስን ዝተፈላለየ ዕማማት እትዕዪ መተግበሪ ምዃና ይፍለጥ።

እዚ ዓርሞሸሻዊ ትካል ቴክኖሎጂ፡ ብመገዲ እዛ መተግበሪ ኣብሉ ንዓማዊሉ ብስውር ክጸናጸኖም ብምጽንሑ እዩ እቲ ክሲ ተመስሪቱሉ።

እቶም ጥርዓኖም ዘቕረቡ ተጠቀምቲ፡ ኩባንያ ኣፕል ነቲ ቅዳሕ ድምጺታት ምስ ትካላት ምውዕዋዕ ብምሻራኽ ክጥቀመሉ ከምዝጸንሐ እዮም ዘረድኡ።

እቲ ዝኾነ በደል ከምዘይፈጸመ ክገልጽ ዝጸንሐ ኣፕል ድማ ርእይቶኡ ክህበሉ ክሕተት ጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ኣፈናዊ ናይ ምድቕቓስ መሰርሕ፡ እቲ ትካል ቴክኖሎጂ ናይ ዝኾነ ሰብ ውልቃውነት ከምዘይጠሓሰ ብምንጻግ፡ ነቲ ብመገዲ ሰሪ ዝገበር ዝርርባት ከምዘይቀድሐ፡ ንሳልሳይ ኣካል'ውን ከምዘይሃበ ገሊጹ።

ጠበቓታት ኣፕል ወሲኾም፡ ቅድሚ ጥቕምቲ 2019 ብኣፕል ዝተኸዘ ውልቃዊ ቅዱሓት ድምጺ ሰሪ ከምዝተደምሰሰ ከምዝረጋገጹ ገሊጾም።

እንተኾነ፡ እቶም ተጠቀምቲ፡ እታ መተግበሪ ዋላ'ውን ንኽትሰርሕ ፍቓድ ከይሃቡ እንከለዉ፡ እታ መተግበሪ ብዘይ ኣፍልጦኦም ክትሰርሕ ከምዝጀመረት እዮም ዝዛረቡ።

ከም ወጽኢቱ፡ እቶም ዝ ቅድሓት ዝተቐበሉ ትካላት ምውዕዋዕ፡ መወዓውዒታቶም ብዝበለጸ መንገዲ ዒላማኡ ንምህራም፡ ወሰንቲ ቓላት ከረኽቡ ከምዝኸኣሉ ወሲኾም ይገልጹ።




## ሰሜን ኮርያ፡ ባለስቲካዊ ሚሳይል ተኩሳ

ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ መንጎ ሓውሲ ደሴት ኮርያን ጃፓንን ናብ ዝርከብ ማያት ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝተኮሰት፡ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ሓቢሩ።

እዚ ቅድሚ ናብ'ቲ ማያት ምዕላቡ ንኣስታት 1100 ኪሎሜተር ኣብ ሰማይ ዝጸንሐ ሚሳይል፡ ጸላፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ምስ መሻርኽቱ ደቡብ ኮርያ ብዛዕባ ሰጋኣት ኑክሌሳዊ መደባት ሰሜን ኮርያን ካልኦት ጉዳያትን ንምዝርራብ ኣብ'ታ ሃገር ዑደት ኣብ ዝፍጽመሉ ዘሎ እዋን እዩ ተተኩሱ።

በዚ ድማ፡ ደቡብ ኮርያ ንተወሳኺ ምውንጫፍ ሳተላይት ሰሜን ኮርያ ንምዕጋት፡ ናይ ምክትታልን ምክልኻልን ኣቃውማኡ የሐይል ከምዝሎ ተገሊጹ።

ብሊንከንን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ደቡብ ኮርያን ቾ ታይዩልን ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ ሰሜን ኮርያ ውሳኔታት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ከምዝጠሓሰት ብምግላጽ፡ ነቲ ስጉምቲ ኩኒኖሞ ኣለዉ።



ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር 7 ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ድሕሪ ምውንጫፋ፡ ንፈለማ እዋን'ያ ዝሓለፈ ሰኑይ ሚሳይል ወንጪፋ።

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ ዓመት ኣብ ዘካየዶ ፖለቲካዊ ዋዕላ፡ ነቲ 'ዝተረረ' ዝበሎ ፖሊሲ ጸረ ኣመሪካ ከተግብር ምዃኑ ቃል ብምእታው፡ ምምሕዳር ባይደን ምስ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ጸጥታዊ ምትሕብባር ንምሕያል ዝገበሮ ዘሎ ጻዕርታት ምንቃፉ ኣይርሰዕን።

ይኹን'ምበር፡ መንግስታዊት ቴለቪዥን ሰሜን ኮርያ፡ ብዛዕባ ምምላስ ትራምፕ ኣመልኪታ ዛጊት ዝኾነ ፍሉይ ርእይቶ ኣይሃበትን ኣላ።

ትራምፕ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ ብዛዕባ ኑክሌሳዊ መደባት ሰሜን ኮርያ ንምዝርራብ ምስ ኪም ሰለስተ ግዜ ርክብ ኣካይዱ ምንባሩ ይፍለጥ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 07/01/2025 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services